ቤት ህንፀት መቐለ ንሕጊ ተሃነፅቲ ን2011ዓ/ም በጀት ዓመት ዝኽፈል መሳርሒ ህንፃን ባህር ዛፍን ካብ ሕጋውያን ነጋዶ ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክገዝእ ይድሊ።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ታሕሳስ 19, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 2, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:በቢዘርፎም ዝተፈላለየ
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:በቢዘርፎም ዝተፈላለየ
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ሓሙስ ጥሪ 2, 2011 04:00 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ህንፃ መሳርሒ/ ዕንፀይቲን ስራሕቲ ዕንፀይቲ/

1 በቢ ስራሕ ዘርፎም ናይ 2010/2011 ዓ/ም ዝተሓደሰ ስራሕ ፍቃድን ናይ 2011 ዓ/ም መቅረባይነትን ኮፒ ከቅርብ ዝክእል።

2 ቲን መፍለዩ ቁፅሪ ዘለዎ ኮፒ ከቅርብ ዝክእል ከምኡድማ ቫት ተመዝጋቢ ዝኾነን ናይ ጥቅምቲ 2011 ዓ/ም ድክሌር ዝገበረ ፎቶ ኮፒ ከቅርብ ዝክእል፤

3 ተጫረቲ ጨረታ ቅድሚ ምክፋቱ መክበሪ ጨረታ ንመሳርሒ ህንፃ 5000.00ብር ንባህርዛፍ ድማ 1000.00 ብር ብጥረ ገንዘብ ወይ ሕጋዊ ባንኪ ብዝተረጋገፀ ስፒኦ ከትሕዙ አለዎም።

4 ኣብ ባህር ዛፍ ዝወዳደሩ ተጫረቲ ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ዘይኮኑ ክዋዳደሩ ዝኽእሉ ኮይኖም፣ ኣብ መሳርሒ ህንፃ ኣብ ተወሳኺ እሴት ታክስ ተመዝገብቲ ኮይኖም ዝመልእዎ ዋጋ ድማ ተወሳኺ እሴት ታክስ ሓዊሱ ስርዝ ድልዝ ዘይብሉ ናይ ተጫረቲ ንፁር ኣድራሻ ማህተምን ፌርማን ብምግባር ኣብቲ ናይ ቤት ፅሕፈትና ሰነድ ጨረታ ዋጋ መምልኢ ተመሊኡ ብ2ተ ፖስታ ኦርጅናልን ኮፒን ነንበይኑ ብምዕሻግ ነዚ ጨረታ እዚ ተባሂሉ ኣብ ዝተዳለወ ሳፁን ኣብ ደ/ከ/ሰ/ዕፋ/ን/ምን ቢሮ ቁፅሪ 6 ከእትዉ ይክእሉ።

6 እዚ ጨረታ ድሕሪ ምኽፋቱ ን30 መዓልቲ ፀኒዑ ይፀንዕ።

7 ተወዳደርቲ ኣብቲ ዝሰዓርዎ ንብረት 20% ክውስኽ ወይ ክቅንስ ይኽእል እዩ።

8 ተጫረቲ ዝርዝር ሰነድ ጨረታ ዝገልፅ ካብ ዕለት 17/04/2011 ዓ/ም ክሳብ 02/05/2011 ዓ/ም ሰዓት 3:00 ናይ ንግሆ ንባህር ዛፍ ዘይምለስ 20.00 ብር እናከፈሉ፣ ንህንፃ መሳርሒ ዝወዳደሩ 50.00 ብር እናኽፈሉ ካብ ደ/ ከ/ ስ/ ዕ/ ፋይ /ምም/ር/ን ቢሮ ቁፅሪ 6ተ ክወስዱ ይክእሉ። እቲ ጨረታ 02/05/2011ዓ/ም ሰዓት 3:30 ተዓፅዩ ሰዓት 4:00 ቅድሚ ሰዓት ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዝተረከብሉ ይኹን ኣብ ዘይተረከብሉ ይክፈት።

9 ሰዓራይ ዝሰዓሮ ንብረት ብናይ ባዕሉ መጋዓዝያ መራገፊን መፅዓንን ዘረክብ ፣ ልዕሊ 1000.00 ብር እንተኮይኑ ዊዝ ሆልድ ታክሲ 2% ዝከፍል ምኗኑ ክፈልጥ ኣለዎ።

10 መ/ቤትና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ እቲ ዝርዝር ንብረት ጨረታ ብክፈል ይኩን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሐለወ እዩ

ንተወሳኪ ሓበሬታ ብኣካል ወይ ብስልኪ ቁፅሪ 0344-411454 ምሕታት ይከኣል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle